**Enheten för flerspråkighet, EFF**

- ትምህርቲ ቋንቋ ኣደ ኣብ መባእታ፡ ማእከላይን ካልኣይን ደረጃ ቤት ትምህርቲ ከምኡ እውን ምስ ኩነታት ተምሃሮ ዝተመቻቸአ ቤት ትምህርቲ (anpassad skola)
- ደገፍ ንኻልእ ዓይነት ትምህርቲ ብቛንቋ ኣደ
- መላለዪ ሓበሬታ ብቛንቋ ኣደ
- ገምጋም ናይ ትምህርቲ ድሕረ-ባይታኻ ብቛንቋኻ
- ኣብ ቋንቋ ኣደ ዘለካ ክእለት ንምግምጋም ዝግበር ፈተና


**Enheten för flerspråkighet**
flersprakighet@uppsala.se
018-727 20 26


Uppsala kommun

# ትምህርቲ ቋንቋ ኣደ



**Grundskola och anpassad grundskola**
Modersmål är ett ämne som kan läsas hela grundskoletiden.



**Gymnasieskola och anpassad gymnasieskola**
Modersmål kan läsas i form av modersmålskurser.



**Nationella minoritetsspråk**
Nationella minoritetsspråk som modersmål i Uppsala kommun



**Fjärrundervisning**
Fjärrundervisning till eller från andra kommuner.

flersprakighet.uppsala.se

Uppsala kommun

## መን እዩ ቋንቋ ኣደ ክማሃር ዝፍቀደሉ?

( እዚ ሕቶ'ዚ ነተን ብደረጃ ሃገር ዝፍለጣ ናይ ውሑዳን ቋንቋታታ ኣይምልከትን እዩ)

ሓደ ተምሃራይ፡ ሓደ ካብ ወለዱ (ኣለይቱ)፡ ቋንቋኡ ኣብ ክንዲ ሽወደን ካልእ ምስ ዝኸውን፡ ቋንቋ ኣደ ናይ ምምሃር ዕድል ንኽዋሃቦ፡

1. እቲ ቋንቋ፡ ኣብ ገዝኦም ቀንዲ መረዳድኢ ቋንቋ እንተ ደኣ ኮይኑን፡
2. እቲ ተማሃራይ ከኣ፡ መሰረታዊ ዝኾነ ፍልጠት ብዛዕባ እቲ ቋንቋ ኣደ ምስ ዝህልዎን እዩ። እዚ ማለት ከኣ፡ ሓደ ተማሃራይ በቲ ቋንቋ ክዛረብን ክረዳዳእን ክኽእል ኣለዎ።

ትምህርቲ ቋንቋ ኣደ ብቛንቋ ኣደ ዝዋሃብ ኮይኑ፡ ሃገራዊ መደብ ትምህርቲ እዩ ዝኽተል።

## ሃገራዊ ናይ ዉሑዳን ቋንቋታት

ኣብ ሽውደን ዘለዉ ውሑዳን ቋንቋታት እዞም ዝስዕቡ እዮም፡-

ቋንቋ ፊንላንድ፡ ሚንኪዬሊ፡ ሳሚ፡ ሮማንያን ዪዲሽን እዮም።

ሃገራዊ ቋንቋ ውሑዳን ንኽትመሃር፡ ኣባል ወይ ተወላዲ ናይዞም ውሑዳን ህዝብታት ክትከውን ኣለካ። ግን እቲ ተማሃራይ፡ ነቲ ቋንቋ ኣብ ገዛ ክጥቀመሉን መሰረታዊ ዝኾነ ፍልጠት ብዛዕባቲ ቋንቋ ክህልዎን ግድን ኣይኮነን።

ክልተ ዓይነት መደብ ትምህርቲ ኣሎ። ስለዚ ከተመልከት ከለኻ፡ ከም ጀማራይ ወይ ከኣ ከም ተዛራቢ ናይቲ ቋንቋ ክትመርጽ ትኽእል ኢኻ።

ኣብ ኡፕሳላ ትምህርቲ ቋንቋ ኣደ፡ ብመገዲ Enheten för flerspråkighet (EFF) ኢዩ ዝዋሃብ።

## መሰረታዊ ኣፍልጦ

ብዘይካ እቶም ናይ ሽወደን ውሑዳን ቋንቋታት፡ (minoritetsspråken) ኣብ ኩሎም ቋንቋታት መሰረታዊ ኣፍልጦ (ኣምር) ናይቲ ቋንቋ ክህሉ ይድለ። መምህር ድማ ነቲ መሰረታዊ ዓቕሚ ተማሃሮ ምስ ምጅማር ትምህርቲ ኣተሓሒዙ ይግምግሞ። ብተወሳኺ ውን ናይ ምስማዕን ምዝራብን ዓቕሞም ይምዘን። ሓበሬታ ብዛዕባ መሰረታዊ ኣፍልጦ ቋንቋ ኣደ፡ እንታይ ምኳኑ ክትፈልጡ ንእትደልዩ፡ ኣብ ድሕረ ገጽ ናይ EFF (flersprakighet.uppsala.se) ክትረኽብዎ ትኽእሉ ኢኹም።

## ብኸምዚ ዝስዕብ ምምልካት ይከኣል

ምልክታ ዘቕርብ ወላዲ ወይ ድማ ኣላዩ ተማሃራይ እዩ። መመልከቲ ወረቐት (ቅጥዒ) ኣብ ቤትምህርቲ ወይ ድማ ኣብ መርበብ ሓበሬታ ናይ EFF (flersprakighet.uppsala.se) ክርከብ ይከኣል። ነቲ ቅጥዒ መሊእካ፡ ፈሪምካ ናብ ቤት ትምህርቲ እቲ ተመሃራይ ኣቕርቦ። እቲ ርእሰ-መምህራን (ዳይረክተር) ነቲ ምልክታ ምስ ኣጽደቖ፡ እቲ ቤት ትምህርቲ ድማ ነቲ ምልክታ ናብ EFF ይሰዶ። ምልክታ ቅድሚ 15 ሰነ ናይቲ ዝመጽእ ዓመተ-ትምህርቲ ክኸውን ኣለዎ። ድሕሪ 15 ሰነ ንዝቐርብ ምልክታ፡ ቦታ ናይ ምርካብ ውሕስነት የብሉን።

## ትምህርቲ ብኸምዚ ዝስዕብ ኣገባብ ይካየድ

ኣብ ኡፕሳላ ትምህርቲ ቋንቋ ኣደ፡ ድሕሪ ምዱብ ግዜ ትምህርቲ ኢዩ ዝወሃብ። ካብ ቅድመ ትምህርቲ ክሳብ ሓምሻይ ክፍሊ ዘለዉ ተመሃሮ (F-5)፡ ቋንቋ ኣደ ኣብ ቤት ትምህርቶም ይመሃርዎ። ካብ ሻድሻይ ክሳብ ታሽዓይ ክፍሊ ዘለዉ ተመሃሮ (6-9)፡ ኣብቲ ዝተመደበሎም ቤት ትምህርቲ (ማእከላይ ቦታ) ብሓባር ይመሃሩ። እቲ ተመሃራይ ናይ ኣውቶቡስ ትኬት ምስ ዘይህልዎ፡ ካብ ናይ ቋንቋ ኣደ መምህሩ፡ ትኬት ክወስድ ይኽእል።

## ንዝያዳ ሓበሬታ

ኣብ መርበብ ሓበሬታ ናይ EFF (flersprakighet.uppsala.se) ምውካስ ይከኣል።

flersprakighet.uppsala.se

ENHETEN FÖR FLERSPRÅKIGHET